ቤት ፅሕፈት ህንፀትን ምምሕዳር መጎዓዝያ ወረዳ ቆላ ተምቤን ዋንነቱ ናይ ቤት ፅሕፈት ጥዕና ወረዳ ቆላ ተምቤን ዝኮነ ፕሮጀክት ካብ UNDPN ን SNDRP ዝተረከብ ሓገዝ በጀት ኣብ ጣብያ ደደረ ዝርከብ ጥዕና መዋልዳን መዓርፊ ማለት እዉን maternity waiting room ንምስራሕ ብብርኪ 8 ማለት እዉን ደረጃ 8 ደቀቅቲ ህንፃ ኮንትራክተር ማለት BC ብደረጃ 9 ኣናእሽተይ ጠቅላላ ኮንትራክተር GC ደቀቅቲ ኣንኣሽተይ ትካላትን ንግድን ናይ ኮንስትራክሽን ማለት ህንፀት ብቅዓት ዘለዎም ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጳጉሜን 1, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 8, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:40000
- ቦታ:ቆላ ተምቤን
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:1000
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 8, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2017 ዓም ዝተሐደሰ ናይ ስራሕ ተኮናተራይነት ዝተዉሃበ ናይ ኮንስትራክሽን ፍቃድ ማለት እዉን ብቅዓት መረጋገፂ ዝተሐደሰ ፍቃድ ንግዲ ዝተሐደሰ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር መረዳእታ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ መላት እዉን ቲን ናምበር ተወሳኪ እሴት ታክስ መዝጉባት ምካኖም ዘርኢ መረዳእታ ናይ ዝሐለፈ ወርሒ ማለት እዉን ወርሒ ሰነ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዝገበርሉ መረዳእታ ዝተሐደሰ ካብ ቤት ፅሕፈት ቁጠባ ማለት እዉን ልምዓት ድኣንት ኣፍልጦ ዝተዉሃቦ ዋና መረዳእታ ከቅረቡ ዝክእሉ

2 መከበሪ ዉሕስና ጨረታ ካብዞም ቀፂሎም ብሓዲኡ መልክዕ ዝቀርብ ኮይኑ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብቤሄራዊ ባንኪ ካብ ዝተፈቀደሎም ዝተፈለጡ ባንኪታት ፋይናንሳዊ ትካላት ዝዉሃበ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ዉሕስና ባንኪ ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ብዘረጋገፅኦ ቼክ ማለት እዉን ስፒኦ 40000 ቅረሺ ከቅርቡ አለዎም

3 ተጫረቲ ናይ ዝጫረትሉ ፕሮጀከት ሰራሕቲ ሳይት ማለት እዉን ቦታ ካብ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሮም አብ ዉሽጢ 90 ተከታታሊ መዓልቲታት ማለት እዉን ቀዳም ሰንበት ካላንደርን ሓዊሱ ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ዝክእሉ

4 ኩሎም ተጫረቲ ካብ 23/12/2017 ዓም ጀሚሮም ካብ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ምምሕዳር ፋይናንስን ወረዳ ቆላ ተምቤን መዓደጊ ሰነድ ዘይምለስ 1000 ቅረሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ካብ ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጎዓዝያ ወረዳ ቆላ ተምቤን ከይዲ ስራሕ ቁፅፅር ዶዛይን ስራሕቲ ህንፀትን ክወስዱ ይክእሉ

5 ተጫረቲ ዝጫረትሉ ፕሮጀከት ፋይናንሻል ደኩመንት ማለት እዉን ሰነድ ዋናን ክልተ ቅዳሕን ዝርዝር መዓቀኒታት ማለት እዉን እስፐስፊኬሽን ስራሕ መጠቃለሊ ድምር ዋጋን ዲዛይንን ከምእዉን ምስ መምርሒ ዝፈቅዶ ካልኦት ክመልኡ ዝግቦኦም ሰነዳት ማለት ደኩሜንታት ናይ ስራሕ ተኮናተርቲ ዝተዉሃቦም ብቅዓት መረጋገፂ ፍቃድ ስራሕ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር መለለይ ቁፅሪ ከፋላይነት ግብሪ መረዳእታ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሒሳብ ዘወራረድሉ መረዳእታ ወረቀት ምስክር ደኣንት ማለት እዉን ደቀቅሪን ኣናእሽተይን ትካላት ንግዲ ኣብ ዝተፈላለየ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕሊ እቲ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ፈላሊዩም ብምፅሓፍ መሊሶም ኣብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ኣብ ልዕል እቲ ፖስታ ሸም ዝጫረትሉ ፕሮጀክትን ኣድራሻን ብዝርኣ ቀለም ብምፅሓፍ ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ህንፀት ምምሕዳር መጎዓዝያ ወረዳ ቆላ ተምቤን ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከሳብ 8/1/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 300 ቅድሚ ቀትሪ ብኣካል ብምምፃእ ከእተዉ ይክእሉ

6 ተጫረቲ ኣብ ሰነድ ጨረታ ዝቀረቡ ቅጥዕታት ብትክልል መሊኦም ኣብ ነብሰ ወከፍ ገፅ እቲ ሰነድ መላት እዉን እቲ ደኩመንት ሸም ፊርማ ማህተም ብምግባር ቅደም ሰዓብ እቶም ሰነዳት ደኩመንታት እነተይኣዛዘብዑ እቲ ሰነድ ከምቲ ክሸይጥ ከሎ ዝነበረ ከየኣጎዳሉ ከቅርቡ አለዎም

7 እቲ ጨረታ ኩሎም ከይዲ ጨረታ ክሪኡ ዝደልዩ ተጫረቲ ኣብ ዝተረክበሉ 8/1/2018 ዓም ልክዕ ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ልክዕ ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቤት ፅሕፈት ህንፀትን ምምሕዳር መጎዓዝያን ወረዳ ቆላ ተምቤን ይክፈት

8 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሐሻ ካሊእ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ቤት ፅሕፈት ህንፀትን ምምሕዳር መጎዓዝያን ወረዳ ቆላ ተምቤን 0914102292 / 0914437017

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle